ኣነ ተኽንሺበ እየ፣ እንታይ ክገብር ይኽእል ?

ሓገዝ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ

ተኽንሺብኺ ዲኺ? ኣብ ዚ ቀረባ እዋን ወይ ቅድሚ ነዊሕ እዋን?

ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ቃንዛ ይሰመዓኪ ድዩ? ኣካላዊ ወይ ስነኣእምሮኣዊ ቃንዛ ይሰመዓኪ ድዩ? ኣብ እዋን ወርሓዊ ጽግያት ከቢድ ቃንዛ ኣለኪ ድዩ? ላማ ወይ በሊሕ ነገር ምርኣይ ነቲ ኩነታት የዘኻኽረኪ ድዩ?

ከይትኽንሸቢ የፍረሓኪ ድዩ: ካልኣይ ግዜ ከይትኽንሸቢ ወይ ኸይትሰፈይ?

ቃንዛ እንተ ኣለኪ ወይ ፍርሒ ? እዚ ኖርማል እዩ።

ንበይንኺ ኣይኮንክን።

ጽቡቕ ንክሰምዓኪ ክሕግዙኺ ዝኽእሉ ሰባትን ወሃብቲ ኣገልግሎታትን ኣለዉ።

ን GAMS ቤልጅየም ተወከሲ

GAMS ቤልጅየም ኣብ ቤልጅየም ንዝተኽንሸባ ደቂ ኣንስትዮ ደገፍ ዝህብ መሪሕ ወሃቢ ኣገልግሎት እዩ። ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራውን ሕጋውን ደገፍ ክህበኺ ይኽእል፡ ንሕክምናዊ ክንክን ድማ ናበይ ከምትኸዲ ክሕብረኺ ይኽእል።

ኣባላቱ ሓለይትን ባህላዊ ድሕረ ባይታኺ ዝርድኡ ሰባትን ፡ ከምኡ’ውን ብቋንቋኺ ክድግፉኺ ብዝኽእሉ ኣብ መንጎ ባህልታት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ዝቐመን እዩ።

ክትሰምዕን ክትርድእን : ክትድገፍን ኢኺ።

GAMS ቤልጅየም

ናይ መጀመርታ ምኽርን ስነ-ኣእምሮኣዊን ማሕበራውን ሕጋውን ደገፍን ይህብ።
ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9.00 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 5.00 ድሕሪ ቀትሪ ክፋት እዩ ።
አድራሻ፡
Rue Gabrielle Petit 6, 1080 Brussels
Email: info@gams.be
Phone: 02 219 43 40

ን CeMAViE ተወከሲ

ሕቶታትክን ድሌታትክን ዝያዳ ምስ ሕክምናዊ መዳያት ዝተኣሳስር እንተኾይኑ፡ ምስ CeMAViE ክትዉከሲ ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ብዙሕ ዓውድታት ዝሓቘፈ ጉጅለ፡ ሓኪም ማህጸን፡ መሕረሲት፡ ክኢላ ሰነ-ኣእምሮን ክኢላ ጾታዊ ርክብን ዝሓቘፈ እዩ። ጽቡቕ ሰምዒት ንኽሰምዓኪ ዝሕግዙ ኩሎም ኣማራጺታት ክትድህስሲ ትኽእሊ ኢኺ። ብ INAMI (ዋጋታት ምሉእ ብምሉእ ዝምለሰ) ማእከል ዳግማይ ምቕላዕ ጉድቦ/ቅንጢር ምግባር ይከኣል እዩ፣ እዚ መጥባሕቲ ግን ኩሉ ግዜ ኣድላዩ ኣይኮነን። ካብ ድሕሪ ምኽንሻብ ን ምሕዋይ ብቕንዱ ብ ሓገዝ ኣማኻሪ ክኢላ ጾታዊ ርክብን ሰነ-ኣእምሮኣውን ደገፍ እዩ ዝረጋገጽ።

CeMAViE
ሰሉስ ካብ ሰዓት 8.30 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 12.30 ድሕሪ ቀትሪ ናይ ምክሪ ኣገልግሎት ይህብ።
አድራሻ፥
Rue Haute 320, 1000 Brussels
Telephone: 02 535 47 14

ቤት ጽሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ብራሰለስ ተወከሲ

ብመንገዲ ናይ ኢመይል ኣድራሻ mgf.prpkbru@just.fgov.be ኣቢልኪ ፡ ምኽንሻብ ጓል ኣንስትይቲ ወይ ድማ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተወጠነ ናይ ምኽንሻብ ጓል ኣንስትይቲ ሓደጋ ናብ ቤት ጽሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ክትሕብሪ ትኽእሊ ኢኺ። ፍጻመታት ሰሞም ከይገለጽኪ ክትሕብሪ ትኽእሊ ኢኺ። በጃኺ ብዝተኻእለ መጠን ብዛዕባ'ቲ ሓቅታት፡ ኣበይ ይፍጸም ከምዘሎን ብዛዕባ'ቶም ዝሳተፉ ሰባትን ንጹር ሓበሬታ ኣመሓላልፊ። ኣድላዩ እንተኾይኑ ቤት ጽሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ጣልቃ ክኣቱ ምእንቲ።



ምስ GAMS, CeMAViE ወይ ንቤት ጽሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ክትራኸቢ እንተዘይደሊኺ

ካብ ሓደ ሰብ ካብ ሕብረተሰብኪ ከየለልየኪ የሰግኣኪ ድዩ? ሕጋዊ ሰጉምቲ ክትወሰዲ ድልዊቲ ኣይኮንክን ? ብቐሊሉ ናብቲ ንክድግፉኺ ዝሰልጠነ ማእከል ውጥን ሰድራቤት ክትከዲ ትኽእሊ ኢኺ። እዚ ምኺኑ ንምርግጋጽ፡ ኣብ stop-violence.brussels ዘሎ ካርታ ርአዩ።

ድሕነትኪ ቀዳምነትና እዩ። ሓደጋ ወይ ህጹጽ ኩነታት ምስ ዘጋጥም ናብ 112 ደውሊ።እዚ ነጻ ኤውሮጳዊ ቁጽሪ ንህጹጽ ሕክምናዊ፡ ፖሊስ ወይ መጥፋእቲ ሓዊ ሓገዝ 24/7 ዋላ ጥርዓን ከየቕረበ ይርከብ።